# ጥዑምሲ ቀደም ሓሊፉ

ተስፋማርያም ወልደጊዮርጊስ
ኖርወይ (23/12/2004)

ከምዚ ሎሚ ዘለናዮ ጊዜ ዘይኮነ ቀደም ዘሕለፍናዮ ጊዜ ብጥዕሙ
ዒድ መባረክ ክበሃሃሉ ኣብ ነቢይ መሓመድ ኣሚኖም ዝሳለሙ
ጻዕዳ ዝለበሱ ዕምባባ ዝመስል ዕምባባ መስከረም
እምነት ምስልምና ኣኽቢሮም ብንጽህና ብሰላም
ኣብቲ ዓቢ መስጊድ ኣብ ማእከል ከተማና ኣብ ኣስመራ
ንኽሉ ዝሓቁፍ ዝነበረ ሃብታም ድኻ ዘይፈሊ ዘይነበሮ ሻራ
ሪኢኻ ዘይምኖ ብሊቃውንቲ ኪኢላታት ተረቢቡ ዝተነድቀ
ቅርጹ ንታጅማሃል ዝመስል ንቡዝሓት ኣዛሪቡ ዘደነቐ
ሽዑዩ ጥዑም ጊዜ ነይሩ ተፈደል መርሓባ ክበሃል ከሎ
ምስ ቅዱዊ ባህልና ንእሽተይ ንዓቢ ተሲኡ ኮፍከብሎ
መንእሰያት ናይ ዒድ በዓል መቑሹሽ ተቐቢሎም ክሕሽሹ
ኣብ ዝመረጽዎ ቦታ ከምድላዮም ክዛወሩ ክናፈሱ
ነጻ ኸሎ ጊዜ ከተማታትና ብብረት ዝሓዙ ህግደፋውያን ከይተኸባ
ሰማይን ምድርን ከተነጻጽሮ ዝሓለፈ ምስ ሕጂ ዘሎ ጃዕተታ ከርከባ
ህግደፋውያን ቁርዲድ ደምካ መጽዮም ዝቑርጡሙ ዓጽምኻ
ክብረተ ውሻ ኢድካተሃብካዮም ብእግሮም ሰላም ዝብሉኻ
እነሆ መጸ ብሃንቀውታ ክበሃል ከሎ ልደት ሓድሽ ዓመት
ዓቢ ምስንእሽቶይ ሓቢሩ ብስኒት ክስዕስዕ ክጻወት
ደወል ቤተክርስትያናት ከድምጻ መንፈሳዊ ዘማኤን
ንዓመታ ከምዚ እዋን የሪኤና ክብላ ንሕናውን ተቐቢልና ኣሜን
ጥዑም ከይበልናዮ ጥዑም ሓሊፉ ሃይማኖትና ከይተደፍረ
መስጊድ ቤተክርስትያን ከይተሃጀመ ብ.ህ.ግ.ደ.ፍ. ከይተወረ
ኣስላማይ ክስታናይ ሓቢሩ ዝሃነጻ ሰላም ዝነበራ ሃገር
ከይጸዋዕናዮ ዝመጸ ሰይጣን ረመጽ ኣጉዱ እንሆ የዕገርግር
ሎሚኸ ህዝበይ በዓላት ብኸመይ ከተሕልፎ ትዳሎ ኣለኻ
ኣብ ቅድሚ ህ.ግ.ደ.ፍ ከይትጸንሕ በጊዕ መሲልዎም ከይበልዑኻ
ኣደታትና ጸለሎ ተቐቢኦን ዘዝወለዳኦም መዓልታዊ ክቐብራ
ንህዝብና ስቓይ ሓዘን ቃንዛ፣ ን.ህ.ግ.ደ.ፍ.ግን ንጃህራ ንፈኸራ
ይቃራረቡለዉ ኮምብሽታቶ ባንደራ ክሽልሙ ዘየለዉ ንይምሰል
ሎምስ ጸሊም ባንደራዩ ክትከል ዝግባእ ኣብ ክንድዛ በላዒት ዕሽል
ብህዝቢ ዘይተቐብሌ መንግስቲ ህዝቢ ዘይመረጻ ባንደራ
ነግራም ጨርቂ ህይወት ዕሽላት ኤሪትራውያን ንኾንቱ ኣሕሪራ
ህ.ግ.ደ.ፍ.መዕነውቲ ሃገር ሱስዓት ሰሪሖም ዘይፈልጡ ጽቡቕ

ዘእተኻ እንተእተኻላ ገንዘብ፣ ኣላቶም ዘይትመልእ ሳንዱቕ
ካብ ገበርቲ ሰናይ ዝተመጽወተ ሓገዝ ንህዝቢ ተባሂሉ
ንዕዳጋ ኣውሪዶም ፍርቂ ኣብ ጁባኦም ፍርቂ ይሰኽርሉ
እንካ ዘይፈልጡ ኣምጽእ ብምፍጣጥ ወስኽ ጥራይ ሃባ
ገንዘብና በሊዖም ጥንስቲ ክመስሉ ከብዶም ኣንቀብቂባ፣
ኣብነት ናይ ኣፍሪቃ ክትኮኑለይ ከኣ ሓንቲ ዘይትፈልጡ
ቅያ ዝሰራሕኩሞስ ሪኢና ዘዝወለድናዮም ደቅና ክትውሕጡ
ህላውነትኩም ዘሮ ኣይት ጎድሉ ኣይትድመሩ ኣይትረብሑ
ካብ ዓኞምኹም ንላዕ ሓሶት ከተውሪዩ ሓንጎልኩም በሪሑ፣

ርሑስ በዓል፣ልደት፣ሓድሽ፣ዓመት፣ይግበረልና፣.
ራህዋ ይፍጠረሉ ን ጭኩን ህዝብና
ወትሩ ንዝኺሪ ስዉኣትና
ኣሜን